www.asrc.org.au

asrc Asylum Seeker Resource Centre

**Asylum Seeker Resource Centre**
ABN 64114965815 • Incorporation No: A0042918

12 Batman Street, West Melbourne
Victoria 3003, Australia

t: 03 9326 6066
f: 03 9326 5199

# እንኳዕ ደሓን መጹ

ናብ ዕቍባ ሓታቲ መገልገሊ ምንጪ ማእከል እንኳዕ ደሓን መጹ። ዘይጽዕግተኛ ዝኾና ሓላዊ ናይ ሰብዓዊ መሰላት ድርጅት ኢና። ንመንግሥቲ ወኪልና ንሠርሕ ድርጅት ኣይኾናን። ነዳልዎ ሓገዝ ብናፃ እዩ። ኣብ ኣውስትራሊያ ውሽጢ ዕቍባ ንዝሓቱ ሰባት ሰብዓዊ መሰሎም ንክኽበርን ክሕለው ንሕግዝ ኢና። ሰባት ኩሎም ሓራ ናጻ ክኾኑ ከምዘለዎም ንኣምነሉ።

## ንመን ከምንሕግዝ

ንዕቍባ ደለዩቲ ንሕግዝ። ዕቍባ ሓታቲ ዝኸውን ሰብ:

- ኣብ ሃገሮም ንምንባር ብጣዕሚ ሓደገኛ ስለዝኾነ ካብቲ ሃገሩ ክወጽእ ዘለዎ፣ ከምኡ'ውን
- ኣብ ሃገሮም ውሽጢ ብሓደጋ ኩነታት ዘለው እዚ'ውን ብዝነብሮም ናይ ዓሌት፣ ናይ ፖለቲካ ድሌት፣ ሓይማኖት፣ ዘርኢ ትውልዲ፣ ብሄር ዜግነት ወይካዓ ናይ ማሕበራዊ ጉጅለ ተበጊስካ ከቢድ ጉድዓት ንዝበጽሖም ወይካዓ ኣብ ዓቢ ጸገም ውሽጢ ንዘለው፣ ከምኡ'ድማ
- ብዘለዎም ዓቢ በደል መንግሥቲ ክኽላከለሎም ዘይኽእል እንተኾይኑ እዩ።

## ከመይ ጌርና ክንሕግዘኩም ከምንኽእል

ኣብ ኣውስትራሊያ ስደተኛ ብምኳንኩም ቀሊል ከምዘይኾነ ምርግጋጽ እዩ። ብመደብ ስደተኛ ተቐባልነት ንዘለኩም ዕድል ዝምልከት ትክክለኛ ዝኾነ ሕጋዊ ምኽሪ ብናጻ ነዳልወልኩም ኢና። ስደተኛ ናይምኳን ተስፋ ዘለኩም መሲሉ እንተተራኡና ንሕግዘኩም ኢና። ዝኾነ ሰብ ዕቍባ ሓታቲ ንምኳን ከምዘይደሊ ንፈልጥ ኢና እሞ ነዚ'ዩ ኣብ እዋን ጸገም ኣብዘለኹም ቦታ ክንሕግዝ ንርከበሉ።
ንክሕግዘኩም ብዝተኻኣለ መጠን ንፍትን፤ እዚ'ውን ብዝኾነ ነገር ማለት ሕጋዊ ንዝኾነ ምኽሪ፣ ንሕክምና ምክንኻን፣ ንመድሓኒታት፣ ንውላድካ ጨርቂ ሽንቲ/ናፒ፣ ማዕልታዊ ጥዑይ ምስሓቲ፣
ሥራሕ ምእላሽ ንክትፍትኑ ክሕግዝ ዝኽእል ኣብ ሜልበርን ውሽጢ ብዛዕባ ሰፈራ መግለጺ ይውሃብ። ትህብዎ መረዳእታ ኩሉ ብምስጢር ከምዝሕለውን እሞ ኣብ ማእከልና ውሽጢ ናትኩም ድሕንነት ዝተሓለዎ እዩ።

## ብከመይ ክትረኽቡና ከምትኽእሉ

ኣብ ሜልበርን ውሽጢ ናይ ዕቍባ ሓታቲ እንተኾይንኩም እሞ ሓገዝ ንምርካብ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ካብ ንጉሆ 10am ክሳብ ድሕሪ ቀትሪ 5pm ሰዓት ብዘሎ ግዘ ናብቲ ማእከላት ቢሮ ክትመጹ ትኽእሉ። ኣድራሻና፡ 12 Batman Street, West Melbourne እዩ። ከምኡ'ውን ሓገዝ ንምርካብ ብስልኪ (03) 9326 6066 ጌርኩም በቲ ዝተጠቐሰ ሰዓታት ውሽጢ ክትድውሉልና ትኽእሉ።




**ንናይ ዕቑባ ሓታቲ ደገፍ መርከቢ ማእከል በዚ ዝስዕብ መገዲታት ንምርካብ ትኽእሉ:**

ኣብ ኰርናዕ King Street'ን Batman Street መንገዲ ስለንርከብ እሞ ካብ ከተማ ክትመጹ እንከሎ ካብ ማዕዶ ፍላግስታፍ ኣትኽልቲ ቦታ/Flagstaff Gardens ንዘሎ መንገዲ ኣቋሪጽኩም እዩ።

- ኣብ ከተማ ውሽጢ ካብ ፍላግስታፍ/Flagstaff ወይካዓ ካብ ሳውዘርን ክሮስ/Southern Cross ባቡር ጣቢያ ብእግሪ መጉዓዝ ከምዝኽኣልን እዚ'ውን ናይ 5 ደቒቕ መንገዲ እዩ።
- ንናይ ዙሪያ ከተማ መጉዓዚ ትራም ምሓዝ ከምዝክኣልን እሞ ኰርናዕ La Trobe Street'ን King Street መንገዲ ምውራድን ብድሕሪኡ'ድማ በእግሪ ናይ 2 ደቒቕ መንገዲ እዩ።

**ኣውስትራሊያ ኾይንካ ግናስ ኣብ ሜልበርን ውሽጢ እንተዘይኾይንካ እንታይ ይግበር?**

ኣብ ሜልበርን ውሽጢ ንዘለዉ ዕቑባ ሓተትቲ ጥራይ ክንሕግዝ ንኽእል። ኣብ ካልእ መምሕድዳር ግዝዓት እንተኾይንኩም ብቐረባኹን ንዘሎ ኣገልግሎት ንምርካብ በዚ ዝስዕብ ምጽቃጥ እዩ።

http://www.asrc.org.au/media/documents/asrc-resource-directory.pdf

ካብ ኣውስትራሊያ ወጻእ እንተኾይንካ እሞ ኣብ ዓለም ዙሪያ ንናይ ዕቑባ ማመልከቻ ብከመይ ከምዝኣትው ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ ታሕቲ ንዘሎ መራኸቢ ምጽቃጥ:

http://www.asylumlaw.org/asylumseeker